Tigrinya

# ገዛ

**(House)**

## ናይ ምዝርራብ ንጥፈታት ምስ መጻወቲታት

**(Talking activities with toys)**

### ንስኹምን ውሉድኩምን እንታይ ትገብሩ ኸም ዘለኹም ተዘራረቡ

**(Talk about what you and your child are doing)**

ከም ወላዲ ወይ ከም ኣለይቲ መጠን፣ ውሉድኩም ቛንቋ ኣብ ምምሃር ኣገዳሲ ግደ ኣለኩም። መጻወቲታት ሒዝኩም ኣብ እትጻወተሉ ግዜ ናብ ናይ ምምልላስ ርክብ ቀይርዎ እሞ ንውሉድኩም ድማ ቋንቋኡ ንኸሃንጽ ሓግዝዎ። ብሓባር ክትጻወቱ ኸለኹም፣ ብዛዕባ እቲ ንስኻትኩምን ውሉድኩምን እትገብርዎ ዘለኹም ተዘራረቡ። ነዞም ንጥፈታት እዚኦም ብቛንቋኹም ፈትኑዎም።

### ምስ ብእግሩ ክኸድ ዝጀመረ ቖልዓ

**(With your toddler)**

- ገዛ ምጽዋት ብዛዕባ ምምሳል ንምምሃር ብሉጽ መገዲ እዩ። መጻወቲ ገዛ፣ ሳጹን ወይ ምስሊ ዘለዎ መቐመጢ መጻሕፍቲ ኽትጥቀሙ ትኽእሉ ኢኹም። ብዛዕባ እቲ ኣብቲ ገዛ ዘሎ ኸም ዓራት፣ መሕጸቢ ነብሲ፣ ኣደ፣ ኣባሓጎን ከልቢን ዝኣመሰለ ኣቕሑን ሰባትን ተዘራረቡ። ብሓባር ክትጻወቱ ኸለኹም ነዘን ቃላት እዚኣተን ብተደጋጋሚ ተጠቐሙለን።
- "ኣደ ትድቅስ ኣላ"፣ "መንበር ኣቦይ እዩ፣" ወይ "ነብስኻ እትሕጸበሉ ግዜ እዩ" ብዝብሉ ሓጺር ዓረፍተ ነገራት ተዘራረቡ።

### ምስ ኣብ ኣጸደ ሕጻናት ዘሎ ቖልዓ

**(With your preschooler)**

- ተጽንበሩ እሞ ብሓባር ኣምስሉ። መጻወቲ ሰብ ምረጹ እሞ እቲ መጻወቲ ሰብ እስኹም ኸም ዝኾንኩም ኣምስሉ። ንውሉድኩም ቈልዓ ኸም ዝኾንኩም ኣምሲልኩም ኣደ ወይ ኣቦ ኸም ዝኾኑ ምምሳል የሐጉሶም እዩ። ንመሪሕነቶም ስዓቡ። እንታይ ይግበር ከም ዘሎን ናበይ ክትከዱ ከም ዘለኩምን ኽነግሩኹም ፍቐዱሎም።
- ኣብ ገዛ እትገብሩዎም ነገራት ከም እትገብሩ ኣምስሉ። ቅድሚ ምድቃስኩም፣ ናብ ስራሕ ቅድሚ ምኻድኩም፣ ወይ ናብ ቤት ትምህርቲ ቕድሚ ምኻድ ብዛዕባ እትገብርዎም ነገራት ተዘራረቡ። ናብ ድኳን፣ ናብ መናፈሻ፣ ወይ ናብ እንዳ ዓባይኩም ከም እትኸዱ ኣምስሉ። በብተራ ብዛዕባ እቲ እትገብርዎ ዘለኹምን ድሕሪኡ እንታይ ከም ዘጋጥምን ንሕቶታት ምሕታትን ምምላስን ግበሩ።

እዞም ሓሳባት እዚኦም ኣብ ከም ሓኪም፣ ቤት ምግቢ ወይ ድኳን ዝኣመሰለ ጸወታታት ምምሳል ክትጥቀሙሎም ትኽእሉ ኢኹም። ብዛዕባ ገዛ ኽትመሃረሉ እትኽእሉሉ ካልእ መገዲ ውሉድኩም ኣብ ንኣሽቱ ዕዮ ገዛ ኽሕግዙ ምፍቃድ እዩ። ከከም ዕድሚኦም፣ ረሳህ ክዳውንቲ ኣብ ምውጻእ ወይ ዓራት ኣብ ምንጻፍ ክሕግዙ ይኽእሉ ኢዮም። ሰደቓ ኽትሓጽቡ ከለኹም ወይ ባይታ ኽትኾስትሩ ከለኹም ክቐድሕዎ ይኽእሉ እዮም።

### ኣበይ ሓገዝ ትረኽቡ

**(Where to get help)**

ናይ ዘረባን ቋንቋን ፓቶሎጂስት ክሕግዙ ይኽእሉ።
ዝያዳ ኣብ ahs.ca/pedrehab ፍለጡ።

ንዝያዳ ሓበሬታ ነዚ QR ኮድ ስካን ግበሩ ወይ ድማ ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ተወከሱ፤
myhealth.alberta.ca/Topic/Pediatric-Rehabilitation/Pages/Talk-Box-Tigrinya.aspx



እዚ ጽሑፍ እዚ ንምኽሪ ብቑዕ በዓል ሞያ ጥዕና መተካእታ ኣይኮነን። እዚ ጽሑፍ ንሓፈሻዊ ሓበሬታ ጥራይ ዝዓለመ ኮይኑ "ከምዘለዎ": "ከምዝኾነ" ብዝብል መሰረት እዩ ዝቐርብ። ዋላ እኳ ትኽክለኛነት ናይቲ ሓበሬታ ንምርግጋጽ ርትዓዊ ጻዕርታት እንተተገብረ: Alberta Health Services ንልክዕነት: ተኣማንነት: ምሉእነት: ተግባራዊነት ወይ ንፍሉይ ዕላማ ናይ ከምዚ ዝኣመሰለ ሓበሬታ ብቕዓት ዝምልከት ዝኾነ ውክልና ወይ ውሕስነት: ግሉጽ: ብተዘዋዋሪ ወይ ሕጋዊ ኣይገብርን። Alberta Health Services ንኣጠቓቕማ እዞም ንዋት: ከምኡ'ውን ካብ ከምዚ ዓይነት ኣጠቓቕማ ንዝፍጠር ዝኾነ ይኹን ክሲ: ተግባራት: ጠለባት ወይ ክስታት ኩሉ ተሓታትነቱ ብግልጺ የልዕል።

Alberta Health Services

እዋናዊ ካብ ዕለት፡- ፌብሩሪ 27፣ 2025
(Current as of: February 27, 2025)